# ንቈልዑ ኤርትራ ኣብ ሱዳን እትምህር ቤት/ት
# ወዲ ሸሪፈይ፡ መበል 32ን ዓመት-ትምህርቲ ዛዚማ

ብእድሪስ እስማዒልን ወዲ እልፉን

ኣብ ምስራቓዊ ሱዳን እትርከብ ቤት ትምህርቲ ስደተኛታት ቈልዑ ኤርትራ ዝኾነት ቤት ትምህርቲ ወዲ ሸሪፈይ፡ ብዕለት 21 መጋቢት 2017፡ ናይ 2016-2017 መደብ ትምህርቲ ብዓወት ዛዚማ። ኣብቲ መደብ ምዕጻው ቤት ትህምርቲ ናይ ክብሪ ኣጋይሽን፡ ወለዲ ተመሃሮን ነበርቲ ሓውሲ ከተማ ወዲ ሸሪፈይን ተኻፊሎም። እዚ፡ ናይ'ዛ ኣብ ዶብ ኤርትራን ሱዳንን እትርከብ ቤት ትምህርቲ ወዲ ሸሪፈይ፡ መበል 32 ዓመት-ትምህርቲ ምኻኑ ኢዩ።




ናይ ሎብ ዘበን ትምህርቲ ብ11 ሓምለ 2016 ምስ 637 ዝኾኑ ምዝጉባት ተመሃሮ ተጀሚሩ። ካብዚኦም፡ 22 ተመሃሮ ብበብዓይነቱ ጸገማት፡ ኣብ መንጎ -ትምህርቶም ኣቋሪጾም። ካብቶም ክሳዕ መወዳእታ እተማህሩ 615 ተመሃሮ፡ 42% ኣዋልድ ነይረን።  ካብ ሓደ ክፍሊ ናብ ላዕለዋይ ክፍሊ ዝሓለፉ 545 ክኾኑ ከለዉ (ማለት  88.6% ካብ ጠቕላላ ቊጽሪ)፣ ናይ ምሕላፍ ዕድል ዘይረኸቡ 70 ኢዮም፤ ካብዚኣቶም 48 ኣውዳት፡ 22 ከኣ ኣዋልድ ኢየን።




ካብቶም ኣብ በዓል እተሳተፉ ናይ ክብሪ ኣጋይሽ፡ ኡስታዝ ኣል-ዙሄር ኣጃክ፡ ሓላፊ ናይ ዘይመንግስታዊ ቤት ትምህርትታት ኣውራጃ ከሰላ፣ ከምኡ ከኣ ኣባ ገብራይ በእደማርያም፡ ሓላፊ ካቶሊካዊ ቤት ትምህርቲታት ምስራቓዊ ሱዳን ነይሮም። ከምኡ'ውን ሓው እድሪስ እስማዒል፣ ገዲም ተጋዳላይ እስማዒል ናዳ፣ ሓው ዓሊ ሑመድ ዲናይ ኣብቲ ጽንብል ካብ እተኻፈሉ ዓበይቲ ደቂ ሃገር ኢዮም። ከም ዝፍለጥ፡ ሓው እድስሪስ እስማዒል፡ ንስዉእ ዑስማን ኣሕመድ ተኪኡ ብግዚያውነት ንቤት ትምህርቲ ወዲ ሸሪፈይ ዝከታተልን ንስራሓታ ዘዋሃህድን ዘሎ ሃገራዊ ዜጋ ኢዩ።

ተመሃሮ ወዲ ሸሪፈይ ነቲ ምዕጻው ቤት ትምህርቶም ብባህላዊ ሙዚቃን፡ ደርፍን  ምርኢታትን ግጥምን ገይሮም ድምቀት ከህብዎ ውዒሎም። ዳይረክቶር ቤት ትምህርቲ ወዲ ሸሪፈይ ዝኾነ መምህር ተኽለሃይማኖት እልፉ (ወዲ እልፉ) ሓደ ካብቶም ኣብቲ በዓል መደረ ዘስምዑ ነይሩ። ኣብ ዘረብኡ፡ ንኹሎም እቶም ንቐጻልነት ቤት ትምህርቲ ወዲ ሸሪፈይ ዝሓልዩን ዝሕግዙን ማሕበራትን ባእታታትን ዕዙዝ ምስጋና ብስም ተመሃሮን መማህራንን ኣቕሪቡ። ብፍላይ ከኣ ነታ ኣብ ሃገር ስዊዘርላንድ እትርከብ ማሕበር ረድኤት ንቈልዑ ኤርትራ፣  ንክፍሊ ትምህርቲ ኣውራጃ ከሰላ፡ ከምኡ ከኣ ንመሓዛ ቤት ትህምርቲ ዝኾኑ ኣባ ገብራይን ፍሉይ ምስጋና ኣቕሪቡ።



ቀጺሉ'ውን ንስዉእ ዑስማን ኣሕመድ፡ ካብ ነዊሕ ዓመታት ጀሚሩ ክሳዕ ዕለተ ሞቱ ከይሰልከየ ዘበርከቶ ታሪኻዊ ህዝባዊ ኣገልግሎቱ መጐስ ብምቕራብ ተመሃሮ ወዲ ሸሪፈይ ንምሉእ ህይወቶም ከም ዝዝክርዎ ኣረጋጊጹ።

ቤት ትምህርቲ ወዲ ሸሪፈይ ብ1984 ኣብ ራኩባታት/ተንዳታት ንስደተኛታት ቆልዑ ኤርትራ ምምሃር ጀሚሩ። ብ1988 ብሓልዮት ሰብ ሰናይ ግብሪ ደቂ ሆላንድ ዘመናዊ ህንጻታት ተሰሪሑላ፣ ጸኒሑ ከኣ ብ2005 ብነብሰሄር ኣባ ማሪኖ ሃይለ (ናይ ሚላኖ) እቲ ዝኣረገ ህንጻታት ተሓዲሱ፡ ካልእ ክፍልታት ከኣ ተወሲኹሉ። ክሳዕ ሎሚ ንቤት ትምህርቲ ክብ ዝበለ ሓገዛት እተወፊ ዘላ ማሕበር ረድኤት (ኣሰ) ብጥቅምቲ 2005 ኣብ ከተማ ጅኔቭ ዝቖመት ኢያ። ንሃለዋትን ንምምሕዳርን ቤት ትምህርቲ ወዲ ሸሪፈይ እትከታተል ማሕበር ቀይሕ መስቀልን ወርሕን ኤርትራ ኢያ። ሃገረ ሽወደን ዝምቕማጡ ዶክቶር ሃብተሚካኤል ተኽለብርሃን ሓላፊ ናይታ ማሕበር ኰይኑ ምስ ኲሎም መወልትን ተሓጋገዝትን ቤት ትምህርቲ ወዲ ሸሪፈይ ኣድላይ ርክባት የካይድ። ንቐጻልነት ቤት ትምህርቲ ንክሕግዙ ከኣ ንኹሎም'ቶም በታ ቤት ትምህርቲ ዝሓለፉ ደቂ ሃገር፡ ፍሉይ ማሕበር ኣቑሞም፥ ክሳዕ ስደተኛታትና ኣብ ዝሓሸት ኤርትራ ዝምለሱ፥ ድሃይ ናይ ቀደም ቤት ትምህርቶም ክገብሩ በብጊዜኡ ጻውዒት ምስ ኣቕረበሎም ኢዩ።